# ዕድመ ዝደፍኡ ናይ ሓረስቶት ምግባ መደብ

## ብተደጋጋሚ ዝሕተቱ ሕቶታት





### ናይ SFMNP ካርድኹም ብኸመይ ትጥቀምዎ

1. ኣብ ናይ ሓረስቶት ዕዳጋ ንምስታፍ ናይ SFMNP ካርድኹም ኣምፅኡ::
2. ካብቶም ዝሳተፉ ሓረስቶት ብቑዕ ዝኾንኩምሉ ዓይነት መግቢ ብምልዓል ካርድኹም ሃብዎም::
3. እቲ ኣምራቲ ድማ ካርድኹም ብቴሌፎኑ ወይ ብተንቀሳቓሲ መሳርሒ QR ኮድ ስካን ክገብሮ እዩ::
4. ነቲ ዋጋ ብምግምጋም ናይ መለለይ ቁፅርኹም (ብተወሳኺ ድማ PIN* ተባሂሉ ይፍለጥ) ኣብ ናይቲ ኣምራቲ ብምእታው ነቲ ዕድጊት ተፅድቕዎ::
5. እቲ ሓረስታይ ነቲ ዕድጊት ምስ ኣፅደቐ ፍሬሽ፡ ከባብያዊ ምህርቲ ወይ መዓር ትረኽቡ!
6. ናይ SFMNP ጥቕሚ ሒሳብ ንምርኣይ ናብ 1-844-359-3104 (ኣብ ድሕ ካርድኹም ይርከብ) ብምድዋል መምርሒ ሰዓቡ::

*PIN ናይቲ ዝተወለድኩምሉ ወርሕን ዓመትን ዕለት ልደት (MMYY) ዘካተተ 4-ዲጂት ዘካተተ እዩ:: ንኣብነት ዕለት ልደትካ ጁላይ 4 1926 እንተኾይኑ PIN ድማ 0726 ይኸውን:: ዕዳጋ ንምክያድ ብኽብረትኩም 4-ዲጂት ዕለት ልደት PIN ንስግግር ኣእትው:: ኣብ ድሕሪት ካርድኹም ዝርከብ ቁፅሪ ቴሌፎን ‹‹ጥቕሚ ሒሳብ›› ብምድዋል PIN ክትቅይሩ ትኽእሉ::

### ብተደጋጋሚ ዝሕተቱ ሕቶታት

| | |
|---|---|
| SFMNP ጥቕምታት ብኸመይ ይረከብ? | ተሳተፍቲ ናይ SFMNP ጥቕሚ ንምርካብ ብ [ከባብያዊ ኤጀንሲ ኣብ ዕድመ ምድፋእ ወይ ከባብያዊ ምግባ ኣቕረብቲ] የመልከቱ:: ናይ ተሳተፍቲ መስርሕ ከይዲ ካብቲ ናይ ዝሓለፈ ዓመት ተመሳሳሊ እንትኸውን ብቑዕነት መለከዒ ከም ዘማልእ ዘርኢ ናይ መመልከቲ ክመልእ ኣለዎ::<br>1. ዕድመ፡ 60 ዓመት ወይ ዝለዓለ ወይ 55+ኔቲቭ ኣሜሪካ/ኣላስካ ናቲቭ እንተኾይንካ;<br>2. ኣታዊ: ካብ ፌደራላዊ ናይ ድኽነት ደረጃ 185% ንታሕቲ;<br>3. ነባርነት: ናይ ዋሽንግተን ስቴት ነባሪ ክኸውን ኣለዎ:: |
| ብናይ ጥቕሚ ካርደይ እንታይ ክዕድግ ይኽእል? | ፍሬሽሽ ኒውትሬሽ፡ ዘይተዳለወ፡ ኣብ ከባቢ ዝዓበይ ፍራምረ፡ ኣሕምልቲ፡ መዓርን ሰባት ዝጥቀምሎም ቅመማት:: ብቑዓት መግብታት ካብቲ ስሩዕ ዝእከብሉን ዝፅረይሉ መንገዲ ካብቲ ተፈጥራዊ ኣመፃፅኦም ወፃኢ ኣይዳለውን:: ዝደረቑ ፍራምረታት ወይ ኣሕምልቲ ወይ ዝደረቑ ቅመማት ከም ብቑዕ መግቢ ኣይውሰዱን:: ኣብ ኣቕሓ ዝተተኸለ ፍራፍረ ወይ ኣሕምልቲ ወይ ቅመማት፡ እንቋቑሖ፡ ስጋ፡ ቺዝ፡ ከምኡ ድማ ናይ ባሕሪ መግብታት እውን ንSFMNP ዕላማ ብቑዓት ኣይኮኑን:: |
| እንታይ ተቐይሩን ንምንታይ? | ኣብ መላእ ሃገር ንሓረስቶት ዕዳጋ ምግባ ዝተሓተመን ፕሮሰስ ዝተገበረ ወረቐት ቼክ ምቕራብ ኣገልግሎት ኣብ መወዳእታ 2022 ኣቋሪፆም እዮም:: ዝተሓተሙ ናይ ቼካት ናይ መደብና ኣማራፅቲ ኣይኮኑን::<br>እቲ ሓድሽ SFMNPሽርድ ብኤሌትሮኒካዊ ጥቕምታት ካርድ መስርሕ ዝተኣሳሰረ እንትኸውን እዚ ድማ ንዝተፈላለዩ መደባትን ኣብ መላእ ስቴት ኣማኢት ተሳተፍቲ ዝሓዘ እዩ:: |
| QR ኮድ እንታይ እዩ?<br>  | QR ኮድ ‹‹ህፁፅ ምላሽ› እንትኸውን ብፀሊምን ፃዕዳን ስኬራት ዝተፈለየ ፓተርን ዘለዎ እዩ (ኣብ ታሕቲ ዘሎ ናይ ካርድ ስእሊ ይርከብ):: እዚ ፍሉይ ኮድ ድማ ስካን ክግበርን ክንበብ ዝኽእል መግቢ ብቑዕነት ክንብብ ዝኽእል ከም ናይ SFMNP ጥቕሚ መረዳእታ የቕምጥ:: |



Washington State Department of Social & Health Services
Transforming lives

| | |
|---|---|
| ናይ SFMNP ጥቕምታት ኣበይ ክትቀም ይኽእል? | WIC/Senior FMNP “Benefits Welcome Here”ዝብል ብምእላሽ እተው: ኣብ ተሳተፍቲ ናይ ሓረስቶት ዕዳጋ፡ ናይ ሓረስቶት ስታንድን ናይ ጎኒ መንገዲ ፈቓድ ዘለዎም SFMNP ጥቕምታት ተጠቐሙ:: ፈቓድ ዘለዎም ሓረስቶትን ዝርዝርን ናይ ጎኒ መንገዲ ዝርዝር ኣብዚ ክርከብ ይኽእል፡ https://www.dshs.wa.gov/altsa/home-and-community-services/senior-farmers-market-nutrition-program |
| ካርደይ እንተድእ ተፊኡ ወይ ተሰሪቑ እንታይ ይፍጠር? | ዝጠፍአ ወይ ዝተሰርቀ ካርድታት ክቕየሩ ይኽእሉ እዮም። ብኽብረትኩም ናብ SFMNP ኤጀንሲ መተሓባበሪ ደውሉ (https://www.dshs.wa.gov/altsa/home-and-community-services/senior-farmers-market-nutrition-program-contacts) ወይ ኣብ ድሕሪ እቲ ካርድ ናብ ዝርከብ ናብ ዓማውል ኣገልግሎት ቁፅሪ (1-800-841-1410) ብምድዋል ብዛዕባ እዚ ዘለኩም ሕቶ ሕተቱ:: |
| ናይ SFMNP ጥቕሚ ሒሳበይ ክርእይ ይኽእልዶ? | እወ:: ናይ SFMNP ካርድ ሒሳብኩም ንምፍላጥ ናብ 1-844-359-3104 ደውሉ ከምኡ ድማ ክትድውሉ ከለኹም ካርድኹም ኣዳልውዎ:: ብተወሳኺ ድማ እዚ ቁፅሪ ቴሌፎን ኣብ ድሕሪት ናይ SFMNP ጥቕሚ ካርድኹም ክርከብ ይኽእል:: |
| ናይ ወረቐት ቼክ ምቕባል ከም መማረፂ ክመርፅ ይኽእልዶ? | ኣይፋል:: ካብ ሕዚ ንድሓር ኣብዚ መደብ ናይ ወረቐት ቼክ ኣብ ጥቕሚ ኣይውዕልን:: ብተወሳኺ ድማ $4 ወሰኽ ካብ ዘለዎም መጠን ክትዕድጉ ትኽእሉ፡ እዚ ድማ ኣብዚ ለውጢ ሓድሽ ጥቕሚ እዩ:: |
| ኮምፒተር ወይ ስማርት? | ኣይፋል ብቑዕ ዝኾነ መግቢ እንተዓዲግኩመወ እቲ ሓረስታይ ጥቕምታትኩም ብምቕባል እቲ ጥቕሚ ንምርኣይ ዝኽእል ቴሌፎን ወይ ተንቀሳቓሲ መሳርሒ ኣላዎ እዩ:: ካርድኹም ንምጥቃም ስማርትፎን ወይ ኮምፒተር ክህልወኩም ግድን ኣይኮነን:: |
| ካብቲ ኣብ ካርድ ዘለኒ ሒሳብ ንላዕሊ እንተዓዲገኸ? | ካብቲ ዝተረፈኩም ሒሳብ ንላዕሊ ክትዕድጉ እንተድኣ ፈቲንኩም እቲ ሓረስታይ እኹል ገንዘብ ከም ዘይብልኩም ክሕብር እዩ:: እቲ ዘለኩም ሒሳብ ስለዘርእየኩም እቲ እትዕድግዎ ምስቲ ሓረስታይ ክትዘራረቡ ወይ እቲ ልውውጥ ንምውዳእ ካልእ ተቐባልነት ዘለዎም ናይ ክፍሊት ሜላታት (ንኣብነት ጥረ ገንዘብ ወይ ክረዲት)ክትጥቀሙ ትኽእሉ ኢኹም:: |
| ካልእ ካርድ ክረክብ ይኽእልዶ? | ዝጠፍአ ወይ ዝተሰርቀ ካርድታት ክቕየሩ ይኽእሉ እዮም። ብዓመት ሓደ ግዘ ጥራሕ ነዚ ጥቕሚ ትረኽብዎ:: |
| PIN እንተዘይሰሪሑኸ? | PIN ናይቲ ዝተወለድኩምሉ ወርሕን ዓመትን ዕለት ልደት (MMYY) እዩ::<br>PIN እንተዘይሰሪሑ ብኽብረትኩም ኣብ ድሕሪት እቲ ካርድኹም ብዝርከብ ናይ ዓማውል ኣገልግሎት ቁፅሪ ደውሉ—1-800-841-1410:: ኣብ ድሕሪት እቲ ካርድ ብዝርከብ ናይ ሒሳብ መቆፃፀሪ ቁፅሪ ብምድዋል ነቲ መምርሒ ብምስዓብ MMYY PIN ቁፅሪ ናብ 4-ዲጂት ክትቅይርዎ ትኽእሉ ኢኹም:: ብኽብረድኩም ዕድጊት ንምክያድ PIN ዘክሩ! |



Washington State Department of Social & Health Services
Transforming lives